# ንቖልዑ ኻብ ጾታዊ በደላት ዘይምዕቋብ

ካብ 5 ሓምለ 2021፡ ወጺኡ ዘሎ ሓድሽ ሕጊ ንቖልዑ ኣብ ትካላት ካብ ዝፍጸም ጾታዊ በደል ዘይምዕቋብ ገበን ከም ዝኸውን ገይርዎ ኣሎ።

ኣብዚ ሕጊ እዚ፡ *ቆልዓ* ክብሃል ከሎ፡ ዕድሚኡ ትሕቲ 16 ንዝኾነ ሰብ ወይ ድማ [ናይ ኣእምሮ ጸገም](#) ንዘለዎ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዝኾነ ሰብ የመልክት።

## ኣብ ቆልዓ ዝፍጸም ጾታዊ በደል

*ኣብ ቆልዓ ዝፍጸም ጾታዊ በደል* ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ዝፍጸም ምስ ጾታዊ ነገራት ዝተሓሓዝ በደል ኰይኑ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦

- ጽዩፍ ኣተሓሕዛ ቖልዓ
- ምስ ቆልዓ ዝፍጸም ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ርክብ
- ምዕማጽ ወይ ምግሳስ
- ምስ ኣባላት ስድራ ቤት ዝግበር ጾታዊ ርክብ
- ንቖልዓ (ወይ ንወለዱ ወይ ንኣላይኡ) ንጾታዊ ዕላማ ኢልካ ምምልማል
- ቆልዓ ኽምዝመዝ ከሎ ዘርኢ ነገር ምድላው
- ምስ ቆልዓ ጾታዊ ዝምድና ምምስራት

ብዛዕባ [ኣብ ልዕሊ ቖልዓ ዝፍጸም ጾታዊ በደል](#) ዝያዳ ፍለጥ።

## ዕቑባ ዘይምሃብ

ብመሰረት እዚ ሓድሽ ሕጊ፡ ንቖልዑ ካብ ብጾታዊ መገዲ በደል ዝፍጽሙ ሰባት ንምዕቋብ ዘድሊ ስጉምትታት ዘይምውሳድ ገበን እዩ።

እዚ ገበን እዚ ንሓደ ኣብ ሓደ ትካል ኣብ ሓላፍነታዊ ቦታ ዘሎ ወይ ስልጣን ዘለዎ ሰብ ነቲ ብሓደ ምስታ ትካል ዝሓብር እኹል ሰብ ክወርድ ዝኽእል ኣብ ልዕሊ ቖልዓ በደል ናይ ምፍጻም ሓደጋ ኽም ዝንኪ ወይ ከም ዝእለ ኽገብር ይጠልቦ።

እዚ ዕቑባ ናይ ዘይምሃብ በደል ዚምልከተካ፡ ዕድሜኻ 18 ወይ ልዕሊኡ እንተ ኾይኑ፡ ምስ ሓንቲ ኣብ ትሕቲ ኽንክና፡ ትሕቲ ሓለዋኣ፡ ወይ ኣብ ቊጽጽራ ዝኾኑ ቆልዑ ዘለውዋ ትካል ድማ ትሓብር እንተ ኼንካ እሞ፡ እዚ ዝስዕብ ነገራት ከኣ ዝምልከተካ ምስ ዝኸውን እዩ፦

- ምስታ ትካል ዝሓብር ካልእ እኹል ሰብ (ወይ [ስሩዕ ወለንተኛ](#)) ኣብ ልዕሊ ቆልዓ ወይ ቆልዑ ጾታዊ በደል ናይ ምውራድ ዓብዪ ሓደጋ ኽም ዘሎ ትፈልጥ እንተ ኳንካ
- ነቲ ሓደጋ ንኽትንኪ ወይ ክትኣሊ ስልጣን ወይ ሓላፍነት ዘለዎ እንተ ኼንካ
- ኰነ ኢልካ ነቲ ሓደጋ ዘይምንካይ ወይ ዘይምእላይ፡ ወይ እውን ዕሽሽ ምባል።

## ሓደጋ ምእላይ ወይ ምንካይ

ሓደጋ ብኸመይ ትኣሊ ወይ ትንኪ ኣብቲ ኩነታት እዩ ዝምርኰስ። ብዘየድሊ መገዲ ሓደገኛ ዝኾነ ባህርይ ከተርኢ ኣየድልየካን እዩ።

## ምስ ትካል ምሕባር

ኣብዚ ገበን እዚ፡ *ትካል* ማለት፡ ውልቀሰብ ንዘይኰነ ድርጅት ዘመልክት ኰይኑ፡

- ንቖልዑ ኣገልግሎት ዝህብ
- ኣብ ትሕቲ ኽንክኑ፡ ሓለዋኡ፡ ወይ ቁጽጽሩ ንዝኾኑ ቖልዑ ዝኸውን መሳለጢ ቦታ ዘለዎ (ወይ ምስ ቆልዑ ዝነጥፍ) እዩ።

እዚ ንመንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ከጠቓልል ይኽእል፡ ንኣብነት፦

- ኣብያተ ትምህርቲ
- ሃይማኖታውያን ውድባት
- ሆስፒታላት
- ማእከላት መውዓሊ ቖልዑ
- ፍቓድ እተዋህበ መንበሪታት
- ክበባት ስፖርት
- ማሕበር መንእሰያት።

ሓደ እኹል ሰብ ምስ ሓንቲ ትካል *ይሓብር* እዩ ዝብሃል ነዚ ዝስዕብ እንተ ኣማሊኡ እዩ፦

- ወናኒ እቲ ትካል (ወይ ኣብ ምምሕዳሩን ምቊጽጻሩን ዝሳተፍ)
- በቲ ትካል ተቖጺሩ ዝሰርሕ
- ኣብቲ ትካል ወለንተኛ ኰይኑ ዝዓዪ
- [ሰማያዊ ካርድ](#) (ማለት፡ ኣብ ትሕቲ [*ምስ ቆልዑ ናይ ምስራሕ (ምክልኻል ሓደጋን ምምማይን) ሕጊ 2000*](#) ዝውሃበካ ፍቓድ) (Working with Children (Risk Management and Screening) Act 2000) ምስ ዝሓትት ትካል ኣብ ንጥፈት ዝሳተፍ
- ኣብ ትሕቲ ኽንክን፡ ሓለዋ፡ ወይ ቊጽጽር ሓንቲ ትካል ንዝኾነ ቖልዓ ኣገልግሎት ዝህብ።

ገለ ኣብነታት ናይቲ ሓደ ቖልዓ ኣብ ትሕቲ ኽንክን፡ ሓለዋ፡ ወይ ቊጽጽር ሓንቲ ትካል ከም ዝኾነ ዝቖጸረሉ ኩነታት ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፦

- ኣብ ክበብ ስፖርት ዝሳተፍ
- ክንክን ኣብ ዝውሃበሉ መንበሪ ዝነብር
- ካብ ማሕበር መንእሰያት ኣገልግሎት ዝረክብ።

### ስሩዕ ወለንተኛ

*ስሩዕ ወለንተኛ*ኣብ ቤት እቶም ኣብ ቤቶም ኲይኖም ቖልዑ ዝኣልዩ፡ ሰማያዊ ካርድ (ማለት፡ ኣብ ትሕቲ *[ምስ ቆልዑ ናይ ምስራሕ (ምክልኻል ሓደጋን ምምማይን) ሕጊ 2000]* ዝውሃበካ ፍቓድ) (Working with Children (Risk Management and Screening) Act 2000) ክህልወካ ድማ ዝሓትቱ ውልቀሰባት ዝነብር ወይ ብዙሕ ግዜ ዝሕልፍ በጽሒ እዩ።

እዚ ንኹሎም ኣብዞም ዝሰዕቡ ኣባይቲ ዝነብሩ በጽሒታት የጠቓልል፡-

- መንበሪ መውዓሊ ቖልዑ ስድራቤት
- ወሃብቲ ኣገልግሎት ምቕባል ጋሻ ኣብ ቤትካ
- ኣብ ቤቶም ንቖልዑ ኽንክን ዝህቡ ኣገልግሎታት
- ንመቕርቦም ኲነ ንኻልእ ዝናብዩ።

### ሃይማኖታዊ ኑዛዜ

እቲ ዝፈለጥካዮ ዓብዪ ሓደጋ ጾታዊ በደል፡ ኣብ እዋን ሃይማኖታዊ ኑዛዜ ይኹን ምስኡ ብዝተሓሓዝ መገዲ ዝሰማዕካዮ ይኹን ብዘየገድስ፡ እቲ በደል ኣብዚ እውን ይውዕል እዩ።

### መቕጻዕቲ

ንቖልዓ ካብ ጾታዊ በደል ንዘይምዕቋብ ዝውሃብ ዝዓበየ መቕጻዕቲ ናይ 5 ዓመት ማእሰርቲ እዩ።

## ክስዓር ዘለዎ ባህርያት

[ንጉሳዊ ብዓል መዚ ንትካላዊ መልሰ-ግብሪ ንጾታዊ ዓመጽ ቆልዑ (Royal Commission into Institutional Responses to Child Sexual Abuse) ]፡ ንቖልዑ ኻብ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ምዕቋብ ዓበይቲ ጉድለታት ረኺቡ እዩ። ገለ ኻብቲ ጉድለታት እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

- ኣብ ልዕሊ ሓደ ቖልዓ ብዛዕባ ኽወርድ ዝኽእል ጾታዊ በደል ኣሰካፊ ዝኾነ ጉዳያት ምስ ተላዕለ ድሕሪኡ እቶም ሰባት ምስቲ ቖልዓ እቲ ምስራሕ ክቕጽሉ ምፍቃድ።
- ኣብ ልዕሊኦም ክስታት ዝቐረበሎም ሰባት ምስ ካልኦት ቆልዑ ምስራሕ ክቕጽሉ ምፍቃድ።
- ንጥርጣሬ በደልቲ ብሓንቲ ውድብ ናብ ዝመሓደሩ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ናብ ካልእ ቦታታት ከም ዝቕይሩ ምግባር።
- ኣብ ባህርያት እቶም በደልቲ ምስ ቖልዑ ኣብ ዘለዎም ርክብ ዘርእይዎ ባህርያት ዘይምልላዮም፣ ገለ ኻብዞም ባህርያት ድማ እዞም ዝሰዕቡ ይርከብዎም፡-
    - ምስ ሓደ ቖልዓ ንበይንኻ ኺንካ ግዜ ምሕላፍ
    - ነቲ ቖልዓ ህያባት ምሃብ።
- ጥርጣሬ በደልቲ ብዘይ ዝኾነ ቑጽጽር ምስ ቆልዑ ኽራኸቡ ምፍቃድ።
- ዘሻቕል ጉዳያት ምስ ተላዕለ ዝኾነ ስጉምቲ ዘይምውሳድ።
- ምስ ጾታዊ ዓመጽ ዝተሓሓዘ ክስታት ምስ ተላዕለ፡ ኣብቲ ውድብ ንዘለዉ ሓለፍቲ ወይ ንፖሊስ ዘይምሕባር።

- [ስትራተጂ ምንካይ ንቖልዑ ዘጋጥም ሓደጋ] ዘይምህላው፡ እንተላይ እቶም ምስ ቆልዑ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ሰማያዊ ካርድ ከም ዘለዎም ዘይምርግጋጽ።

## ዝያዳ ሓበሬታ

ንግዳያት ዝኸውን ሓገዝ፡ ሓበሬታ፡ ከምኡ እውን ምኽሪ ኣብዚ ዝሰዕብ ይርከብ፡-

- [ሓገዝ ግዳያት ኲንስላንድ (Victim Assist Queensland)]
- [ንቖልዑ ዝኸውን ሓገዝ] ኣብ 1800 55 1800
- [ኣገልግሎት ጥዕና ስድራቤት ኣቦርጅንን ቶረስ ስትረይት ኣይላንደርን]